# ምምንጣል ቈልዑ ካብ ወለዲን
# ክትትል ምዕባይ ቈልዑን



እዚ መብርሂ ኣብ መዳይ ፕሮጀክት Samen Sterk ዝተዳለወ ኮይኑ፣ ሓባራዊ ፕሮጀክት Nidos ከምኡእ ውን ARQ Centrum'45 እዩ። Maart 2022

Gefinancierd door de Europese Unie

# ትሕዝቶ

1. መእተዊ
2. ክትትል ቈልዑን ምምንጣል ቈልዑን ክበሃል እንከሎ እንታይ ማለት ኢዩ?
3. ክትትል ቈልዑን ምምንጣል ቈልዑን ብኸመይ ይጅምር?
4. መደብ መዋጽኦን ናይ ስድራ-ቤት ናይ ሓባር መደብን
5. ምቁራጽ ክትትል ቈልዑን ምምላስ ቈልዑ ናብ ወለድን
6. ምኽሪታት ንወለዲ

# 1. መእተዊ







- ብዙሓት ስደተኛታት ወለዲ ኣብ ሓድሽ ባህሊ ደቆም ብኸመይ ከምዘዕብዩ ይደናገሩን ይጠራጠሩን (opvoeddillema's)። እቲ ዝለመድዎን ዝፈልጥዎን ኣተዓባብያ ቈልዑ ምስዚ ሓድሽ ኣነባብራ ናይ ሕብረተሰብ ኔዘርላንድ፣ ደቆም ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝመሃርዎ ኣገባብን ኣይሳነን።

- **ኣብ ከም ኤርትራ፡ ሶርያን ኣፍጋኒስታንን ዝኣመሰላ ሃገራት** መንግስቲ ደቅኻ ከምዚ ጌርካ ኣዕብዮም ወይከኣ ኣብ ምዕባይ ደቅኻ ጉድለት ጌርካ ኢሉ ኣይሓተካን እዩ።

- **ኣብ ኔዘርላንድ** ግን መንግስቲ ብመንገዲ ምሕጋዝን ምቁጽጻርን ኣቢሉ ደቅኻ ብኸመይ ከምተዕቢ ይከታተለካ።
  > በዚ መንገዲ ቈልዑ ካብ ወለዶም ክምንጠሉ ይከኣል።

*** እዚ መግለጺ ብዛዕባ ምምንጣል ቈልዑን ክትትል ቈልዑን ዝምልከት ሕጊ መብርሂ ንምሃብን ንወለዲ ከምዚ ንኸየጋጥሞም ክግበር ዝኽእል ጥንቃቐን ሓበሬታ ምሃብን እዩ።**

# ሓገዝ ብወለንታ፤

ሓገዝ ክቐረበልካ እዩ፣ እንተድኣ፤

- ሓገዝ ክወሃበካ ባዕልኻ እንተሓቲትካ።
- ኣብ ገዛውትኻ ዝርከቡ ማሕበር ገዛውቲ ወይከኣ ቤት ትምህርቲ ሓገዝ ንኽትረክብ ምሳኻ እንተተላዚቦም።
- ካልእ ሰብ ንዓኻ ወይ ንውላድካ ኣመልኪቱ ክሕገዙ ኣለዎም ኢሉ ምልክታ እንተቐሪቡ።

**ኣስተውዕል፤**

- **ኣብቲ ዝቐረበልካ ሓገዝ ምስ ተሓጋገዝቲ ብሓባር ክትሰርሕ ኣይትግደድን ኢኻ፣ ብምርጫኻ እዩ።** ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ *``ንወለድን ቈልዑን ዘድሊ ሓገዝ ብሓባር ምውሳን'' ዝብል ጽሑፍ ርአ።*
- ኲነታት ስድራኻ ንምፍላጥ ዝተገብረ መጽናዕቲ የለን።
- ዳኛ (ቤት ፍርዲ) ዝሃቦ ውሳነ ኸኣ የለን።

# ውሳነ ቤት ፍርዲ



# ሓገዝ ብግዴታ፤

ሓገዝ ክቐረበልካ እዩ፣ እንተድኣ፤

- ውላድካ ኣብ **ክትትል** ክኣቱ ዳኛ ውሳነ እንተሂቡ፣ እዚ ውሳነ ናይ ዳኛ ውላድካ ክትምጠል ዘጠቓለለ ክኸውን እውን ይኽእል።
- ንውላድካን ንዓኻን ሞግዚት ናይ ስድራቤት ክሸየመልኩም እዩ።

**ኣስተውዕል፤**

- **ሓገዝ ክትቕበልን ምስ ተሓጋጋዚ ተሓባቢርካ ክትሰርሕን ግዴታ ኣሎካ።**
- ኲነታት ስድራኻ ንምፍላጥ ``ቤት ምኽሪ ምክልኻል መሰል ቈልዑ`` መጽናዕቲ ኣካይዱ እዩ።
- ዳኛ ውሳነ ሂቡ እዩ።
- ወላእኳ ግዱድ ሓገዝ ይኹን ደኣምበር፣ ምስ ተሓጋጋዚ ተሓባቢርካ ንዓኻን ንውላድካን ዝምችእ ዓይነት ሓገዝ ንኽትረክብ ክትውስን መሰል ኣሎካ።

# 2. ክትትል ቈልዑን ምምንጣል ቈልዑን እንታይ ማለት ኢዩ?



## ሀ. ክትትል ቈልዑ (Ondertoezichtstelling)

- ቈልዑ ኣብ ክትትል ክኣትዉ እንተተወሲኑ፣ ንገለ እዋናት መንግስቲ ደቅኻ ብኸመይ ከምእተዕቢ ይእዝዘካ። እዚ ኸኣ ብፍቓድካ ዘይኮነስ ግዴታ እዩ። ከምዚ ዓይነት ትእዛዝ ኲሉ ግዜ ብዳኛ እዩ ዝወሃብ ንሓደ ዓመት ከኣ ይጸንሕ። ብድሕሪ`ዚ ``ሞግዚት ስድራቤት`` ኣብ ገዛኻ ይመጸካ። ንሱ/ንሳ ንውላድካ ይኣልዮ፣ ንዓኻ ኸኣ ነቲ ሽግር መፍትሒ ንኽትረኽበሉ ይሕግዘካ። ምሳኻ ኮይኑ ንስኻን ደቅኻን ክትገብርዎ ዘለኩምን ዘይብልኩምን ይውስን። እዚ ኣብ ምእላይ ውላድካ ዝቕረበልካ ሓገዝ ክትቅበሎ ግዴታ ኣሎካ። ኣብ ልዕሌኻ `ሞግዚት ስድራቤት` ይገበረልካ ደኣ እምበር ውላድካ ናይ ምዕባይ ምሉእ ሓላፍነት ኣሎካ። ስለዚ ንውላድካ ዘድሊ ነገራት ምቕራብን ውላንድካ ምክንኻንን ናትካ`ዩ። ድሕሪ ሓደ ዓመት፣ ዳኛ ነቲ ውላንድካ ንምክትታል ዝተዋህበ ውሳነ ከናውሖ ወይ ከቋርጾ ይኽእል።

## ለ. ምምንጣል ቈልዑ (Uithuisplaatsing en gezagsbeëindiging)

- ቈልዑ ካብ ወለዶም ክምንጠሉ እንተተወሲኑ ደቅኻ ምሳኻ ኣብ ገዛ ኣይቅመጡን እዮም፣ ምስ ካልእ ሰብ እዮም ዝቕመጡ። እቲ ``ሞግዚት ስድራቤት`` ተባሂሉ ዝተሸመን ካልኦት ሰባትን ምሳኻ ኮይኖም ብዛዕባ ህይወት ናይ ደቅኻ ክውስኑ ስልጣን ኣለዎም። ዋላ ከምዚ ይኹን እምበር ናይ ሞግዚት ስልጣንካ ጌና ይተሓደግካን ኣሎኻ።
- ናይ ሞግዚት ስልጣንካ እንተተሓዲግካ ግን ብዛዕባ ደቅኻ ዝኾነ ነገር ክትገብር ወይ ክትውስን ስልጣን የብልካን ማለት ኢዩ።

# 3. ክትትል ቌልዑን ምምንጣል ቌልዑን ብኸመይ ይጅምር?

- **ዝኾነ ሰብ** (ዋላ ስሙ ከይነገረ - anoniem) ኣብ ምዕባይ ውላድካ ናብ ``ቤት ጽሕፈት ድሕነት ስድራ-ቤት (Veilig Thuis)`` ጥርዓን እንተቐሪቡ፤
- ባዕልኻ ኣብ ምዕባይ ቈልዑ ሓገዝ የድልየኒ ኢዩ ኢልካ እንተሓቲትካ፣ እሞ ኸኣ ምምሕድር ሓጊዙካ ግን ኵነታት ምዕባይ ደቅኻ እንተ ዘይተመሓይሹ፤
- ካልእ ሰብ፣ ንዓኻ ንወላዲ ወይ ንደቅኻ፣ ሓገዝ የድልዮም እዩ እንተ ኢሉ፣ በዚ መሰረት ከኣ ምምሕዳር ሓጊዙካ ግን ኵነታት ምዕባይ ደቅኻ እንተ ዘይተመሓይሹ። ወይከኣ ብወለንታ ናይ ወለዲ ንዝወሃብ ሓገዝ ክትቅበል ፍቓደኛ እንተዘይኮንካ።







# 3. ክትትል ቈልዑን ምምንጣል ቈልዑን ብኸመይ ይጅምር?

- ኲነታት ምዕባይ ደቅኻ እንተ ዘይተመሓይሹ፣ ቤት ምኽሪ ምክልኻል መሰል ቈልዑ (Raad voor de Kinderbescherming) ንኲነታትካን ኲነታት ደቅኻን መጽናዕቲ ይገብር።
- ቤት ምኽሪ ምክልኻል መሰል ቈልዑ ውላድካ ኣብ ሓደጋ ኣሎ ኢሉ ወይ ከኣ ንመጻኢ ምዕባለ ውላድካ ጎዳኢ`ዩ ዝብል እንተኾይኑ **ውላድካ** ኣብ ክትትል ንኽኣቱ ንዳኛ ውሳነ ክህብ ይሓቶ።
  > ወለዲ ኣብ ቅድሚ ዳኛ ቀሪቦም ሓሳባቶምን ርእይቶኦምን ንክገልጹ ዕድል ይወሃቦም።
- ኣብ ማህጸን ዘሎ ቈልዓ እውን ኣብ ክትትል ክኣቱ ብሕጊ ፍቑድ ኢዩ።
- ኣብ ህጹጽ ኲነታት ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ቈልዓ ኣብ ክትትል ክኣቱ ይኽእል እዩ። እዚ ዓይነት መስርሕ ``ግዝያዊ ክትትል`` ይበሃል (VOTS -voorlopige ondertoezichtstelling)።











# 3. ክትትል ቈልዑ ብኸመይ ይጅምር?

**ኣብ ምዕባይ ቈልዑ ዝርአ ኩሉ ዓይነት ጉድለታት ግን ኣይኮነን ንቈልዑ ኣብ ክትትል ዘእትዎም፣ እንታይ ደኣ፤**



እቲ ጉድለት ከቢድን ናይ ብሒቚ ብጭቡጥ ዘጋጠመ ግፍዒ ምስዝኸውን (ernstige feitelijke bedreiging)፣ **ክንድምንታይ ከቢድ** ኔሩ፣ **ክንደይሻዕ ኣጋጢሙ** ይርአ። እቲ ጉድኣት **ኣካላዊ** ወይ ከኣ **ኣእምሮኣዊ** ግፍዒ ክኸውን ይኽል፡ ወይ ድማ ቈልዑ ኣብ መንጎ ወለዶም ይኹን ኣብ መንጎ ወላድን ቈልዓን ግፍዒ ክፍጸም (**huiselijk geweld**) ዝተዓዘቡ እንተኾይኖም ክኸውን ይኽእል። ንኣብነት፣ ወለዲ ንቈልዑ ዝሃርምዎም እንተኾይኖም፣ ሓንቢሶም ዘይክእሉ ቈልዑ ማይ ኣብዘለዎ ከባቢ በይኖም ክጻወቱ ዝኸዱ እንተኾይኖም። ካልእ ነገር ንዓኻ ቀሊል ዝመስለካ ክኸውን`ወን ይኽእል። ንኣብነት፣ ቀጻሊ ዶንግዩ ትምህርቲ ዝኸይድ ቈልዓ፣ ቀጻሊ ብዘይ ምእላይ ወለዲ ደገ-ደገ ዝውዕል ቈልዓ። ክብደት ናይዚ ጉድለት ዳኛ እዩ ዝውስኖ።

**ስደተኛታት ወለዲ ቡዙሕ ግዜ ከቢድ ግፍዒ ካብ ዝፍጸመሉ ኩነታት ስለ ዝመጹ ኣብ ኔዘርላንድ ``ንድሕነት ቈልዑ ጽቡቕ ኣይኮነን`` ዝበሃል ነገራት ኣዝዩ ዝተፈልየ ኮይኑ ክጸንሖም ይኽል እዩ። ``እዚ ደኣ እንታይ ኣለዎ፤ የተዓባብይዎ እዮም`` ይብሉ።**





3.

# ክትትል ቈልዑን ምምንጣል ቈልዑን ብኸመይ ይጅምር?

ብክትትል ቈልዑ ዝጀመረ ጉዳይ ናብ ምምንጣል ቈልዑ ክበጽሕ ይኽእል`ዩ። ምምንጣል ቈልዑ ወለዲ ባዕሎም ስለዝሓተቱ ወይ ከኣ ዳኛ ውሳነ ክህብ ስለዝተሓተተ ክኸውን ይኽእል። ቈልዑ ካብ ወለዶም ንኽምንጠሉ እዘን ዝስዕባ ምኽንያታት ክኾና ይኽእላ፤

- ቈልዓ ክንክን ዘይረክብ ወይ ከኣ ዝጋፋዕ እንተኮይኑ፤
- ወለዲ ብሰንኪ ሕማም ውላዶም ክኣልዩ ዘይክእሉ እንተኾይኖም፤
- ኣብ መንጎ ወለዲ ወይከኣ ወላዲን ውሉድን ብዙሕ ግዜ ግርጭት ምስዝህሉ፤
- ቈልዓ ስንኩል ምስዝኸውን ወለዲ ድማ ክኣልይዎ ምስዘይክእሉ፤
- ኣሸጋሪ ቈልዓ ምስዝኸውን ወለዲ ድማ ክኣልይዎ ምስዝኸብዶም፤
- ምዕባለ ውላድካ ዝዕንቅፍ ሓደገኛ ኩነታት እንተልዩ/ውላድካ ምሳኻ ክዓቢ ውሑስ እንተዘይኮይኑ፤
- ``ኣተዓባብያ ውላዶም ንከመሓይሹ ፍቓደኛታት ዘይኮነ ወለዲ`` እንተተባሂሎም



# 4. መደብ መዋጽኦን ናይ ስድራ-ቤት ናይ ሓባር መደብን (Hulpverleningsplan en familiegroepsplan)










- ኣብ እዋን ክትትል ቈልዑ፡ መደብ  መዋጽኦ (መደብ ንምሕያሽ ኩነታት - plan van aanpak) ክዳለወልካ ኢዩ። ምስ ተሓጋጋዚ ኩንካ ንዓኻን ንውላድካን ዝሰማማዕ ዓይነት ሓገዝ ትውስኑ። ኣብዚ መደብ መዋጽኦ ንስኻ ከተማልኦ ዘሎካ ሰፈሩ ኣሎ።

- **እዛ ዕድልካ ብጽቡቕ ተጠቐመላ** - እቲ ክእረም ዝድለ ዘሎ ሽግር እንታይ ኢዩ ኢልካ ብንጹር ተረዳእ። ነዚ ንምፍታሕ መጀመርታ ባዕልኻ መደብ ከተውጽእ ትኽእል ኢኻ። እዚ መደብ ናይ ስድራ-ቤት ናይ ሓባር መደብ ይበሃል።

- ኣስተውዕል፣ ንስኻ ዋላ ይትሰማምዓሉ ኣብ ምዕባለ ውላድካ ጎዳኢ ዝኾነ ኩነታት ኣብ ገዛኻ ኣሎ ተባሂሉ ኢዩ። ጎዳኢ ኩነታት የለን ኢልካ መኘኽ ይጽንሓልካ።

# 5. ምቁራጽ ክትትል ቈልዑን ምምላስ ቈልዑ ናብ ወለድን

## 5.1 ክትትል ቈልዑ መዓስ ደው ይብል (ይቛረጽ) Wanneer stopt een OTS?

- ዳኛ ኣብ ውሳነኡ ከተማልኦም ኣሎካ ዝበሎም ነገራት እንተ ኣማሊእካ ክትትል ቈልዑ ደው ክብሎ ይኽል። እዚ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝቐልጠፈ ክትግበር ኣለዎ፣ ነዊሕ ግዜ እንተወሲዱ ደቅኻ ``ካልእ ዘዕብዮም ለሚዶም ስለዝኾኑ`` ኣይምለሱን እዮም ክትበሃል ትኽእል ኢኻ (aanvaardbare termijn)።
- ክትትል ቈልዑ ወይ ምምንጣል ቈልዑ ነዊሕ ግዜ እንተወሲዱ፣ ከተቋርጾ ኸኣ ብኡ መጠን እንዳኸበደ ይኸይድ።
- ክትትል ክቛረጸልካ  እንተደሊኻ፣ ውላደይ ምሳይ ክነብር ውሑስ ኢዩ፣ ዘሻቕል የለን ኢልካ ከተረድእ ኣሎካ። እዚ ድማ ኣብቲ መደብ መዋጽኦ ክሰፍርን ናብ ዳኛ ክለኣኽን ኣሎዎ።
- ክትትል ደቅኽ ደው ክብለልካ እንተደሊኻ ምስቲ ዝተመደበልካ `ሞግዚት ስድራ-ቤት` ብሓባር ክትሰርሕ ኣገዳሲ ኢዩ። ነዚ እንተጌርካ ክትትል ንኽቛረጽን ውሕስነት ደቅኻ ከተረጋግጽን ትኽእል፣ ዕላማ ክክትል ቈልዑ ኸኣ ንሱ ኢዩ። ተረዳዲካ ክትሰርሕ ፈትን፣ ምርድዳእ እንተስኢንኩም ከኣ ንገር። ኣብ ከምዚ ኩነታት ንትፈልጦም ሰባት፣ ኣዕሩኽ/ቤተሰብ፣ ወይከ መንጎኛ ናይ ክልተ ባህሊ ክሕግዙኻ ሕተት።
- ሞግዚት ስድራ-ቤት ኣብዚ መስርሕ ዓቢ ተራ ኣለዎ፣ ኣሰራርሓ ጽቡቕ ጌሩ ስለዝፈልጦ ዓቲብካ ተላዘቦ። ንዓኻ ኣገዳሲ ቁምነገር ኣለዎ ትብሎ ነር ግለጸሉ፣ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ሰባት ከኣ ኣሳትፎም። ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ *``ንወለድን ቈልዑን ዘድሊ ሓገዝ ብሓባር ምውሳን''* ዝብል ጽሑፍ ርአ።





# 5. ምቁራጽ ክትትል ቈልዑን ምምላስ ቈልዑ ናብ ወለድን. . .

## 5.2 ምምንጣል ቈልዑ መዓስ ይውዳእ?

- ምምንጣል ቈልዕ እንተነውሐ ንሓደ ዓመት እዩ። ዓመት ዓመት ግን ዳኛ ክናውሖ ይኽእል እዩ።
- ውላድካ 18 እንተመሊኡ።
- መዓልቲ ክይኣኽለ እውን ደው ክተብሎ ይከኣል እዩ - ዝድለ ዘበለ እንተኣማሊእካን ውላድካ ናብ ገዝኡ ክምለስ ውሑስ እንተኾይኑን።
- ናይ ሞግዚት ስልጣን ዘለዎም ወለዲ፣ ዘይደቀኦም ቈልዑ ዝኣልዩ ወለዲ፣ ቈልዑ ካብ 12 ዓመት ንላዕሊን ንሞግዚት ስድራ-ቤት ምምንጣል ቈልዓ ንኽቛረጽ ክሓትዎ ይኽእሉ። ሞግዚት ስድራ-ቤት ኣብውሽጢ 2 ሰሙን ውሳነ ይህብ። ብውሳነ ናይ ሞግዚት ስድራ-ቤት እንተዘይተሰማሚዕካ ይግባይ ክትብል ይከኣል። ይግባይ ክትብል ጠበቓ የድልየካ።



# 6. ምኽሪታት ንወለዲ

- ምዕባይ ደቅኻ ናትካ ሓላፍነት እዩ።
- ሓበሬታ ፈቲሽካ ርኸብ። ጥርዓን ዘቕረበ መን ከምዝኾነን ስለምንታይ ከምዝጠርዐን ትፈልጥዶ? ውላድካ ኣብ ክትትል ዝኣተወሉ ወይ ዝተመንጠልካሉ ምኽንያት ዘይተረድኣካ ነገር እንተሎ ካብ መጀመርታ ሕተት። ተሓጋጋዚ ኩሉ ግዜ ከሳትፈካን ክሕብረካን ንገሮ።
- ብዛዕባኻን ብዛዕባ ውላድካን ዝተመዝገበ ሓበሬታ **ኣጣሊልካ** ፍለጥ። ልክዕ ድዩ? ኣብ መዝገብ ዝሰፈረ ምእንቲ ክትፈልጥ ከንብቦ ይወሃበኒ ኢልካ ሕተት። ብዘይናትካ ፍቓድ ሓበሬት ምስካልኦት ከምዝካፈልዎ ክትፈልጥ ጽቡቕ እዩ። ብዛዕባኻ ንተሓጋጋዚ ዝወሃብ ሓበሬታ ካብ መን ከምዝተዋህበን ትሕዝቶኡን ፍለጠ። ንኣብነት እቲ ሓበሬታ ካብ ቤት ትምህርቲ፣ ሓኪም ስድራ-ቤት ወዘተ ዝመጸ ክኸውን ይኽእል። ጽሒፍኩም ሃቡኒ በል።
- ምስ ተሓጋጋዚ ኣቓልቦ ሂብካ ስራሓ፣ ዳኛ ዘቕመጥም ዕላማታት ንኸተሳልጥ ጽዓር።
- ርእቶካይ ንገር፣ ውላድካ ኸኣ ርእይቶኡ ክዛረብ ሓግዞ።
- ኣብ ናብራኻ ዘሎ ጽቡቕን ሕማቕን ኣካፍል። ውላደይ ምሳይ ውሑስ`ዩ ትብል እንተኾንካ ኣረድእ።





## 6. ምኽሪታት ንወለዲ . . . .. . .

- ንወድኻ ወይ ጓልካ ብዝበለጸ ብኸመይ ከምትሕግዞም ትፈልጥዶ?
- ንምኽሪ ብክፉት ልቢ ተቐረብ። ዝተዋህበ ምኽሪ ንዓኻን ንውላድካን ዘይጠቅም እንተኾይኑ ንገር፣ ብዛዕባ እዚ ምስ ተሓጋጋዚ እንታይ ክግብር ከምዝከኣል ተላዘብ።
- ክትነቅፍ እንከሎኻ ነቲ ተሓጋጋዚ ሰብ ዘይኮነስ ነቲ **ሓገዝ** ንቐፍ።
- ብሓባር ክትሰርሕ እንተዘይቀኒዑካ፣ ተሓጋጋዚ ክቕየረልካ ሕተት።
- ምስ ሰባት ዘሎካ ማሕበራዊ ናብራ ተጠቐመሉ፣ ቤተሰብ፡ ትኣምኖም ሰባት፡ ወይ ጠበቓ ከማኽሩኻ ወይ ከካይዱኻ ሕተት።
- ''ክንሕግዘካ ኢና'' ትብል ዘረባ ብዙሕ ግዜ ክትሰምዓ ኢኻ፣ እንታይ ማለትያ ሓሲብካላዶ ትፈልጥ? ``ሓገዝ` ክበሃል እንከሎ ምሕጋዝ ጥራይ ኣይኮነን፣ ነቲ ኣብ ምዕባይ ውላድካ ሽግር ኮይኑ ዘሎ ኩነታትን ዘይውሑስ ሃዋህ ዝፈጠረን ኣወጊድካዮ ዲኻ ንምቁጽጻር እንኮላይ`ዩ። ``ሓገዝ`` ኣብ ዕለታዊ ናብራን ምስላጥ ንዘድልዮም ነገራት (praktische dingen) ኣይምልከትን እዩ። ብዙሓት ስደተኛት ወለዲ ሓገዝ ክበሃል እንከሎ ኣብ ዕለታዊ ናብራና ዘድልዩ ነገራት ምስላጥ መሲሉ`ዩ ዝርድኦም። እቲ ሓገዝ መብዛሕትኡ ግዜ ውላድካ ከመይ ተዕቢ ምኽሪ ምሃብ እዩ። ብዙሓት ወለዲ እንታይ`ዩ `` ዘረባ፡ ዘረባ፡ ዘረባ`` ጥራይ ኮይኑ ይብሉ እዮም።
- ዘሻቕል ኣተዓባብያ ኣሎ እንተተባሂሉ እንታይ ከምዝኾነ ክርድኣካ ሕተት፣ ኣብ ዓድኻ ዝለመድካዮ ኣተዓባብያ ኣረድእ። ካብ ፍልልይ ናይ ባህሊ ዘይምርድዳእ ተፈጢሩ ክኸውን ስለዝኽእል።

ንወለዲ ተባሂሉ ዝተዳለወ (ሕቶን መልስን፣ ዝርዝር ሓበሬታን ዘለዎ)፣ ``ንወለድን ቈልዑን ዘድሊ ሓገዝ ብሓባር ምውሳን'' ዝብል ከምኡውን ከመይ ጌርካ ናይ ስድራ-ቤት ናይ ሓባር መደብ ተዳሉ ዝገልጽ ሓበሬታ ርአ። ኣብ መርብ ሓበሬታ **nidos.procademy.nl/ouders** ተወከስ።

# ስለ ኣቓልቦኹም ነመስግን

**ብዘይ ወለዶም ዝቕመጡ ትሕቲ ዕድመ ስደተኛታትን ወለዶምን ስድራቤቶምን ንሓላፊ ዑቕባ መንእሰያት ከዘራርብዎ ወይ`ውን ብ www.nidos.nl ሓበሬታ ክረኽቡ ይኽእሉ ኢዮም።**

እዚ መብርሂ ኣብ መዳይ ፕሮጀክት Samen Sterk
ዝተዳለወ ኮይኑ፣ ሓባራዊ ፕሮጀክት Nidos ከምኡእውን AR
Q Centrum’45 እዩ። Maart 2022

**Gefinancierd door
de Europese Unie**